# ናይ ምድረበዳ ጋሃነም፡

ብኤይናት ፊሽቤን
ሕዳር 19, 2010, የዲኦት ኣሃሮኖት

ጾታዊ ዓመጽ፣ ኤለክትሪካዊ ኣካላዊ ምንፍርፋር፣ ብጸዕዳ ወፁይ ሓጺን ገርካ ምቅጻል፣ ማእሰርቲ፣ ሃለዋት ምጥፋእን ሞትን ኣብ ኣመና ምዉቕ ኮንተይነር ካልእ በዚሕ ነገራትን ካብቲ ብዙሕ ራሕቂ ካብ ዘይብሉ ዶብ ግብጺ-እስራኤልን፣ መገረፊ መዓስከር ናይ በደዊን ከተርቲን ኣብ ሲናይ ምድረበዳን ዝርከብ ቤት ማእሰርቲታትን ሚጋገጺታት ይራኣዩ ኣለው። እቲ ኩነታት ኣብቲ መዓስከር ዘሎ ኣዝዩ ክእመን ዘይክእል ኢዩ። ብዙሓት ኣፍሪቃዊያን ስደተኛታት ብእኡ ክሓልፉ ከለዉ ብዙሕ መገረፍቲን ካልእ ነገራትን ከምዝጋጥሞም ይሕብሩ። መበዘሕተን ደቂ ኣንስትዮ ጾታዊ ዓመጽ ኣጋጢሙወን፣ በዚ ሳዕቤን እዚ ድማ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እስራኤል ጥንሲ ንኸንጽላ ተገዲደን ኢየን። ሕጂ እምበኣር ወዱብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ንወሓት ናይ ሰብኣዊ ዕንወት መወዳእታ ኪገብረሉ ይፍትን ኣሎ።

ስእሊ፣ B. ግዳይ መገረፍቲ ኤርትራዊት ስደተኛ፣
ስደተኛ፣ ሕጂ እቲ ገንዘብ ከተምጽእልና ኢኺ ኢሎሚ።

በደዊን ከተርቲ ኣብቲ ክፍሊ "B" ምስ ካልኦት ኤርትራዊያንን በዓል ቤታን ተታሒዛትሉ ዘላ ብምእታው ምሳቶም ንኽትወጽእ ሓቢሮሚ፡ "B" ምስቶም ሰባት ብምበኣሳ፣ እቶም ኣብቲ ክፍሊ ምሳኣ ዝነበሩ ሰባት ብሰንካ ክይተቐተሉ ከለዉ ንኽትወጽ ሓቲቶሚ፡ "B" እወን ካብቲ ክፍሊ ወጺአ። ሓደ ካብቶም ኤርትራዊያን ኣስተርጎምቲ ድማ፡ ን"B" ሓደ ካብቶም ከተርቲ ምስኡ ኣብ ጎኑ ኮፍ ኢሉ ግዜ ከተሕልፍ ይደልያ ከምዝሎ ነጊሩዋ። "B" ተመሊሳ ናብቲ ክፍሊ ጎያ ከይዳ።

"B" ከምዝሓበረቶ፣ ሰለስቲኦም እቶም ከተርቲ ደድሕሪኣ ብምምጻእ፣ ንኹሉ ሰብ ኺደንን ዓይኖም ክሸፍኑን ኣዚዞሞም። ኩሎም እቶም ሰባት ድማ ርእሶም ናብ ብርኮም ብምግባር ደኒኖም። ን"B" ደፊኦም ናብቲ መንደቕ ብምጽጋዕ ክቐጥቅጥዋ ጀሚሮም፡ ገጻ ኩሉ በቲ መገረፍቲ ሓቢጡ ኢዩ፣ ኩሉ ኢዳን እግራን፣ ኮታ ክይሃረሙ ዝገደፍዎ ክፋል ኣካላታ ኣይነበረን። ዳሕራይ ሓደ ካብኣቶም፡ ሕጂ እቲ ገንዘብ ከተምጽእልና ኢኺ ኢሉ ኣፈራርሕዋ። ቴሌፎን ብምሃብ፣ በቲ ሓደ ጎድኒ እዝነይ ሽጉጥ ብምጽጋዕ፣ ንመሓዛይ ኣብ ሱዳን እትርከብ ደዊለላ። ምስኣ እንዳተዛረብኩ'ወን ያሃርመንን ይጸፍዓንን ነይሩ። ገንዘብ ንኽትሰደለይ ለሚኒያ፣ ክቐትሉኒ ስለዝደለዩ። ገንዘብ ረኺባ ከምትሰደላ ድማ ሓቢራታ። ኩሉ ነገር ንኽትሸያይጥ ክልተ መዓልቲ ወሲዱላ፣ ናይ ቃል ኪዳን ቀለቤታ ከይተረፈ ብምሻጥን ካልእ ተወሳኺ ገንዘብ ብምልቃሕን 500 ዶላር ሰዲዳትለም። እንተኾነ ግን ተወሳኺ ሓደ ሽሕ ዶላር ኣምጽኢ ኢሎማ።

"B" ጓል 25 ዓመት ኢያ። ናብቲ መንደቕ ብምጽጋዕ ቀጥቂጦማ፡ ሓደ ካብኣቶም ብሓይሊ ካብቲ ገዛ ኣወጺኡ ብምውሳድ፣ "ጽቡቕ ጸወታ እንተተጻወትኪ ይሕሽኪ" ኢሉዋ። ድሕሪ ክንደይ ምኽኑ ዘይትዝክሮ ተበራቢራ። ገና ብእስርታ ብዘይ ክዳውንቲ ብድሕሪኡ እንታይ ከምዝጋጠመ ተረዲኡዋ።

ንዓይን ንበዓልቤተይን ገንዘብ ኣምጽኡ ብምባል ብዘይ ዕረፍቲ ቀጥቂጦምና ትብል "B"። እቲ ንዓይ ንደገ ምስኡ ክወጽእ ደጋጊሙ ዝሓተተኒ፣ ንበዓልቤተይ'ወን እናቐጥቀጠ፣

"ንበዓልቲቤትካ ተፍቅራ ዲኻ?" እንዳበለ ደጋጊሙ ይሓቶ ነይሩ። "እወ" ኢሉ እንድሕር መሊሱ ብዝያዳ ማህረምቲ የበርትዓሉ። ብዛዕባ ጾታዊ ርክብና፣ ከመይ ከምዝፍቅሮ፣ ንምንታይ ከምዝተመርዓወኒ ይሓቶ ኔሩ ምኽንያቱ ካብ መጀመርያ ናቱ ክኸውን ኣለኒ ኢሉ ስለዝሓሰበ። ድሕሪ ንወሕ ዝበለ መዓልታት ምስ በዓልቤተይ ፈላሊዮሙና። ደቂ ኣንስትዮን፣ ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ዝተፈላለይ ክፍልታት ኣቐሚጦሙና።

ኣብ ሱዳን ትርከብ መዛዝኣ ን"B" ምስቶን በደዊን ከተርቲ/ነገድቲ ደቂ ሰባት፣ ቀጻሊ ርክብ ተካይድን ንኸይትንከፍዋን ትልምኖም ኔራ ምኽንያቱ ካልእ ሓደ ሽሕ ዶላር ትእክበሎምን፣ ክትሰደሎም ትዳሎ ኔራ። ብኸምዚ ነጥቢ ድማ እቲ ናይ መጀመርያን ብተዛማዲ ድማ ኣጸጋሚ ዝነበረን ጎዕዞ ተዛዚሙ። ድሕሪ ክልተ-ሰለስተ መዓልቲ ይኸውን ካብ ካብኣቶም ካብቲ ክፍሊ ብሓይሊ ደፊኦም ኣወጺኦምኒ ይብል እዚ ተራኺ፣ ን"B" ድማ ብዓረብ "ምሳይ ጸወታ እንተተጻወትኪ ይሓይሽ" ኢሎዋ። ኣብቲ "B" ትህቦ ሜልሲ ዝኾነ ግዳሰ ኣይነበሮን። ቅድሚ እቶም ካልኦት ክልተ ምምጽኦም፣ ነቲ ሓደ ሓንሳብ ከሃርሞ ክኢለ ኔረ። ዳሕራይ ግን ብጩቂ ጌሮም፣ ኢደይን እግረይን ንድሕሪት ብምጥዋይ ኣሲሮምኒ። ዋላ ተኣሲረ ከለኹ'ውን ክቃለሶም ብዙሕ ፈቲነ። ዳሕራይ ግን ገለ ነገር ብድሕረይ ወጊኦምኒ። ዓይነይ ሽፊኖም ናብ ካልእ ቦታ ወሲዶምኒ። ኣእምሮይ ክስሕት ዝደለኹ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ድሕሪ ክንደይ ምኳኑ ምስተበራበርኩ ገና ብእስርተይ፣ ብዘይ ክዳውንቲን ጥራየይን..... ድሕሪኡ እንታይ ከምዝጋጠመ ተረዲኡኒ። ብዙሕ ደም ይፈሰኒ ነይሩ። ካብተን ኣብኡ ዝነበራ ደቂ-ኣንስትዮ ማይ ከተምጽኣለይን ክትፈትሓንን ሓቢሮማ፣ ምስራሓየትኒ ድማ ክትበኪ ጀሚራ።

ድሕሪ እዚ ኩነት እዚ "B" ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዝርርብና ብቐስታ ክትበኪ ጀሚራ። ርእሳ ብሚልያኣ ብምሽፋን ድሕሪ ምብካይ፣ ንብዓታ ጸሪጋ። ብድሕሪኡ ኣብቲ ገዛ ንሓደ ሰሙን ገዲፎሙኒ፣ ምሸት ምሸት ይመጽኣኒ፣ ኣነ'ውን ናይ ምጽዋር ሓይለይ ጸንቂቑ። እንታይ ከምዝሃቡኒ ክፈልጥ ኣይከኣልኩን። ዓይነይ ሸፊኑ፣ ናብ ካልእ ቦታ ብመኪናኡ ብምውሳድ ጾታዊ ዓመጽ የወርደለይ።

ኣብ ዘይደልየኒ ኩነታት ከምዝበጽሐ ካብቲ ናቱ ወሳኔ ተረዲኡኒ። ብጣዕሚ ሕማቕ ስለዝነበርኩ፣ ካልእ ክዳውንቲ ኣምጺኡ ሂቡኒ። ሓንቲ ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ነብሰይ ሓጺባ፣ ክዳወንተይ ከዳዲናትኒ። ዝበላዕ ነገር ብምሃብ ናብ ዶብ ኣብጺሖሙና። ዶብ ሰጊረ እስራኤል ኣብዝኣተኹሉ ግዜ ድማ ሃለዋተይ ኣጥፊኤ።

ዓል 25 ዓመት "B" ምልክዕቲ ኢያ። የዒንታ ሓዘን ይንበቦ ግን ከኣ ምልኣተ-ሂወት ይራኣዮ። ተባዕን ሓያልን ምኳና ድማ ይርደኣካ። ዶብ ኣብ ዝሰገርሉ እዋን በዓልቤታ ክሐድዋ ኢዩ። በቲ ኩሉ ኩነታት ዝሓለፍዎ ከይኮነ ኣይተርፍን፣ ዘይምርዐው ምኳኑ ድማ ኣዊጁ። ድሕሪ "B" ዝተገበረላ ሕክምና ኣብ ኣምቡላስ ኣብቲ ዶብ፣ ናብ "ሰሃሮኒም" ዝተባሃለ ቤት ማእሰርቲ ተወሲዳ። ብዛዕባ እቲ ኩሉ ዝሓለፈቶ እተዕልሎ ሰብ ድማ ትደሊ ኔራ። እቲ ዝነበራ ክዳውንቲ ነታ ናይ ማሕበራዊ ጉዳያት ሰራሕተኛ ብምርኣይ፣ ኩሉ ነገር'ውን ኣዕሊላታ። ጠበቓ ኦስናት ኮሄን-ሊፍሻትዝ ካብ "ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደት" ካብ ቤት ማእሰርቲ ንኽትወጽእ ጠለብ ኣቕሪቡ። ኣብቲ ዝነበረቶ ናይ ባርነት ኩነታትን ድሕሪ እቲ ዝረኸቦ  ሚጋገጺ ናይ ኩነተ-ኣእምሮኣ ጉዳይ፣ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ፣ ኮሄን-ሊፍሻትዝ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ከወጻኣ ክኢሉ። ድሕሪኡ ብሚኒስትሪ ድሕነት ናብ መቕቢ ግዳያት ሰብኣዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ተሰጋጊራ። ሎሚ ድሕሪ ምድልዳላን ምሕያላን፣ በዓል ቤታ ክምለሳ ደልዩ ንሳ ግን ፈጺማ'ውን ክትሪኦ ኣይደለየትን።

ኣብቲ መጀመርያ ግዜ ኣብቲ ትሕቲ ህድኣትን ክንክን ኩነተ-ኣእምሮን ኢያ ሓሊፈዮ ትብል "B". ሕጂ መደቀሲ ከኒና ጥራይ ኢያ ዝወስድ ዝለኹ ምኽንያቱ ለይቲ ክድቅስ ስለዘይክእል። ብዛዕባ ኩሉ ተሞኩሮታተይ ኣብቲ መዕቆቢ ክጽሕፎ ጀሚረ ኣለኹ፣ ኩሉ ግዜ ዝደልዮን ክሳብ ሕጂ ዝሓልሞን ጋዜጠኛ ምኳን ኢዩ። መጻኢ እንታይ ሒዙለይ ከምዝሎ ኣይፈልጥን ኢየ። ኣበይ ከምዝህሉ ንመጻኢ'ውን ዝፈልጦ ኣይኮንኩን። ሕጂ ኣብ ምምሕያሽ ጥዕናይ፣ ኣብ ትምህርቲን፣ ነተን ናይ

ሞቕቢ ገንዘብ ምውህላልን ኢየ ኣተኩረ ዘለኹ። ነታ ገንዘብ ሂባ ሂውተይን ክተድሕን ዝፈተነት ማሓዛይ ክሜልሰላ ኣለኒ።

## እስራኤል – ከም ናይ ሜጨሻ መበጽሖት ቦታ፣

ሲናይ– ገነት ናይ እስራኤላውያን ቱሪስት፣ ንኣሽሓት ግን ጋሃነም ኮይና ኣላ። ብሳላ ልዑል ጸዕሪ ናይ እስራኤልን ኣህጉራውያን ትካላት ሓገዝን እቲ ኣስቃቒ ኩነታት ኣብ ዶብ ግብጺ ንጹር እንዳኾነ ይመጽእ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት እቲ ኩነታት ብዝለዓለ ገዲዱ ኔሩ። ኩሉ ግዜ ኣሚኢት ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ናብ እስራኤል ይመጹ ኢዮም። ኣብዚ ጉዕዞ እዚ ከለዉ ብዙሓት ኤርትራውያን ኢትዮጵያውያን ካብኣቶም ንዕኡ ኢሉ ኣብ ዝተዳለወ መዓስከር ይተሓዙ ኢዮም። ብልዑል ዝጽለሙኑ እንዳወሰኸ ዝኸይድ ዓቐን ናይ ገንዘብ ዝሕተትሉን ኢዩ። ንኣረሜናዊ መገረፍቲ፣ ደቂ ኣንስትዮ ዝዕመጹሉን ኩነት ኮይኑ እቲ ዶብ ክሰግሩ ከለዉ'ወን ፍርቂ ሰብ ኮይኖም ኢዮም ዝሓልፍዎ።

እቲ ናይ መገረፍቲ መዓስከር ኣብ ምድረበዳ ሲናይ ዘሎ፣ ኣህጉራዊ ጉዳይ ኢዩ። ድሮ ንጽር ኮይኑ ከምዝሎ፣ ነቲ ጉዳይ ንምፅጻው ህጹጽ ኣህጉራዊ ምትእትታው የድሊ ኣሎ። ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ወዱብ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ እስራኤል ነቲ ጉዳይ ንምፍታሕን ንምጽራይን ብዝለዓለ ማጠን ግዚኦም ወፍዮም ይሰርሑ ኣለው። ዝተማሓላለፈ ወግዓዊ ጸብጻብ እኳ እንተዘየለ፣ ገለ ኤምባሲታት ኣሜሪካን ኤውሮፓውያን ሃገራትን ነቲ ጉዳይ በጺሓሞ ከምዝለዉን ከምኡ'ወን ምትእትታው ጀሚሮም ኣለው።

ሲናይ ካብቶም ቀንዲ ናይ ደቂ ሰባት ኮንትሮባንድ ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ኮይና ኣላ ይብል ዊልያም ታል, ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ወዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ እስራኤል ካብቶም ኣዝዮም ፍሉጣት መስመራት ጉዕዞ ካብ ሞሮኮ ናብ ስፐይን፣ ካብ ሊብያ ናብ ጥልያንን፣ ካብ ቱርኪን ሰሜን ኣፍሪቃን ናብ ግሪኽ፣ መስመር ጉዕዞ ካብ ኤርትራን ሱዳንን ናብ እስራኤል ቐስ ብቐስ ዝያዳ ኣገዳሲ እንዳኾነ ይመጽእ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ 3-4 ኣዋርሕ፣ ኣዝዩ ረባሽን ምስርሒን ዝኾነ ጸብጻብ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዶብ ግብጺ ዝርከብ መስመር ሲናይ ተቐቢልና ኢና።

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዘይተዘርግሖን ዝተዋሳሰቡን ጸብጻባት ብዛዕባ ናይ ደቂ ሰባት መስመራት ንግድን ምስ ዓለማዊ ትካላት ጽቡቕ ርክብ ዘለዎን ተረኺቡ ኣሎ። ቁጽሪ ብዝሒ ሱዳናውያን ስደተኛታት ነኪዩ ኢዩ ምስቲ ብዝሒ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ምምጽኦም። ኣሽሓት ዶብ ኤርትራ–ሱዳን ብዘይ ሕግን ብእግሪን ይሰርግዎ ምኽንያቱ ካብ ሃገሮም ክወጽእሉ ዝኽእሉ ሕጋዊ መንገዲ ዳርጋ ስለዘየለ። ካብቲ ዶብ ናብ ሻግራብ ዝባሃል መዓስከር ኤርትራውያን ስደተኛታት ብትካል ወዱብ ሕቡራት ሃገራት ጉዳይ ስደተኛታት (UNHCR); ዝካየድ መዓስከር ይመጽኡ። ካብኡ ድማ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ናብ ከሰላ ይቕጽሉ። እዚ እቲ ቀንዲ መስመር መኸየዲ ቦታ ናብ ሰሜን ሊብያ፣ ስዑዲ ዓረብን ግብጽን ኢዩ። ብተወሳኺ ድማ እዚ ቦታ እዚ እቲ ቀንዲ ብኤርትራውያን ወከልቲ ዝእከብሉን፣ 2, 500 ዶላር ናብ እስራኤል ንምስጋር ዝኸፈል ኮይኑ፣ ኣብ ሲናይ ምስበጽሑ ዝኸፍልዎ ኢዩ።

ገለ ካብቶም ቃለ መሕትት ዝተገብረሎም ስደተኛታት ከምዝብልዎ፣ ናብ ከሰላ ዝመጽእሉ ምኽንያት፣ ካብ ሊብያ ናይ ጥልያን ንምስጋር ኢዩ ነይሩ። ሕጂ ግን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት መንግስቲ ጥልያን ነዚ መስመር ጉዕዞ እዚ ንምስጋር ኣዚዩ ከቢድ ስለዝገበርዎ ቀንዲ ምርጫኦም ናብ እስራኤል ምኻድ ኮይኑ፣ ትካል ወዱብ ሕቡራት ሃገራት ጉዳይ ስደተኛታት (UNHCR) ብዛዕባ ተመሳሳሊ ጸብጻብ ከምዝሓበሮ ብዙሓት ሱዳናውያን ብዘይ ናቶም ድሌትን መደብን ኣገዲዶም ኣብ መኪና ብምእታውን ገንዘብ ብምኽፋልን ናጽነቶም ብምግፋፍን ጨፍዮም ናብ እስራኤል ኣምጺኦሞ

ኢዮም። ኣብዚ ሰሙን እዚ ናይ ቤት ፍርዲ ሓለፍቲ ኣብ “ሳሃሮኒም” ቤት ማእሰርቲ ኩሉ ግዜ ዘሰንብድ መግለጺታት ኢዮም ዝሰምዑ ከምቲ ዝተጠቕሰ ድማ ክልተ ጉዳያት ሰኒዶም።

እቶም ካብ ሱዳን ናብ ግብጺ ዘሰጋግሩ ማሰጋገርቲ ኣባላት በደዊን ራሻይዳ ኢዮም። መበዛሕትኡ እቲ ጉዕዞ ብፒክ-ኣፕን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይንን ኢዩ ዝካየድ። ብዙሓት ሰባት ተጨቓጪቖም ብካንቫስ ተሸፊኖም፣ ደምዲ ንኸይገብሩ ኣብ ኣሸገርቲ ቦታታት ይሓልፍዎ። ገሊኡ ግዜ'ውን ኣብ ርእሲ-ርእሲ ንኸይድቅሱ ይእዘዙ። እቲ ማሸፈኒ ካንቫስ ድማ ብልዕሊኦም ኣትሪሮም ይኣስርዎ። እቲ ጉዕዞ ምስቲ ዝፍጠር ምድንጓያት ናይ ፖሊስን ዶብ ፍተሻን ካብ 7 መዓልቲ ክሳብ ገለ ሰሙናት ይወስድ። እዚ'ውን ኣብቲ ምድረበዳ ናይ ምጽናሕ ኩነታት ይፈጥር፣ መግብን ማይን ንሓደ ሰሙን ጥራይ ኢዩ ዘጽንሕ፣ እቲ ዝፍጠር ምድንጓያት ድማ ጥሜትን ጽምኣትን ዋላ'ውን ክሳብ ሞት የብጽሕ። ኣብዚ ኩነታት እዚ ስደተኛታት ደሓን ኣተሓሕዛ ይበረሎም እኳ እንተኾነ፣ ብዙሓት ግን ኣብቲ ጉዕዞ ይሞቱን ሬሳኦም ድማ ኣብቲ ምድረበዳ ይድርበ።

ዋላ'ውን እኳ እስራኤል ስደተኛታት ካብ ግብጺ ንምኻድ ዝጥቀሙሉ ዝነበረት ቀንዲ ኣማራጺት ሃገር እንተነበረት፣ ሎሚ እስራኤል ናይ መወዳእታ መዕረፊቶም ከምዝኾነት ገና ቅድሚ ምብጋሶም ዝሕሰብዎ ኢዩ። እቶም ካብ ኤርትራ ዝወጽኡ ብካይሮ ኣይሓልፉን ኢዮም። ግን ንስዊዝ ካናል ኣቢሎም ናብ ሲናይ ይኣትዉ። ቀንዲ ንመጓዓዚ ዝጥቀሙሉን ድማ ጀላቡን; ነዳዲ ዘመሓልሳ ቦጥ መርከብን (Fuel Tankers) ኮይኑ፣ ክሳብ 95 ሰብት ኣብኡ ክጽፍጸፉ ይኽእሉ፣ ነዞም ኩሎም ድማ ኣብቲ ላዕሊ ሓንቲ ናይ ንፋስ ቨንቲለተር ጥራይ ይርከበን።

ሱዳናወያን ስደተኛታት ካብቶም ኤርትራወያንን ኢትዮጵያወንን ስደተኛታት ብዝወሓደ፣ በቲ ናይቲ ጉዕዞ ጸገማት ጥራይ ኢዮም ዝሸገሩ ምኽንያት ከምቶም በደዊን ከተርቶም፣ እስላማውያንን ተዛረብቲ ቋንቋ ዓረብን ስለዝኾኑ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቶም ካልኦት, ብዝያዳ ድማ እቶም ኤርትራወያን ተጓዓዝቲ ብኣሰቓቒን ኮነ ኣልካ ዝግበር ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ተግባራት ኢዮም ዝሓልፉ። እዚ ድማ ነቶም በደዊን ከተርቲ ካልእ ድላዮም ንኽገብርዎም የኽእሎም።

እቲ ልክዕ ቦታ እቶም ኤርትራወያንን ኢትዮጵያወያንን ስደተኛታት ዝቕመጡሉ መዓስከር ፍሉጥ ኣይኮነን። ከም እቲ ናይቶም ስደተኛታት ቃል ግን፣ ኣብ ማእከላይ (level) ዝኾነ ቦታ ኮይኑ፣ ኣብ ሰሜናዊ ሲናይ፣ ጥቓ ሓንቲ (ኤል-ዓሪሽ) ዝተባህለት ዓዲ ክትከውን ትኽእል ኢያ። ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ናይ ግብጺ መጽሔት (ጋዜጣ) “ኣል-ማስሪ ኣል-ዮም” ሪፖርት ከምዝገበሮ፣ 50 ነጋዶ (ከተርቲ) ናይ ደቂ ሰባት፣ ብበደዊን ካብ “ኣል-ማፍባ” ዝተባህለ “እንዳ” ዝተመርሐ ከምዝተኣሰሩ ገሊጾም። ናይ ግብጺ ፖሊስ ጸብጻብ ከምዝሓበሮ፣ “ማህዲያ” ዝተባህለት ዓዲ ኣብ ማእከላይ ሲናይ እትርከብ ከም ቀንዲ መንቀሳቐሲ ስርሓቶም ተቐይራ ከምዝጸንሐት ሓቢሮም። እቶም ስደተኛታት ኣብ ቃሎም፣ ኣብቲ ከባቢ ብዝሓት ዘለዎም መካበቢያታት፣ ገለ ካብኣቶም ብዓቢ ቴንዳታት ዝተሰርሑ፣ ገለ ጽላል ዘለዎምን ገለ ድማ ሓጺናዊ ኮንተይነራት ይርከብዎም። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ከምዝተፈልጠ'ውን ክልተ ኣዚዮም ዓበይቲ መዓስከር፣ ኣማኢት ስደተኛታት ዝሓዛ ከምዝለዋን፣ ብግዴታ ብለይቲ ከምዝሃንጽዎም ከምዝገበርዎምን ሚጋገጺታት ተረኺቡ ኣሎ።

ኣብ መጀመርያ እቶም ሰደተኛታት ብጽቡቕ ኢዮም ዝተሓዙ። ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ እቲ ዋጋ ናብ 3,000 ዶላር ክብ ይብል፣ ብዙሓት ካብቶም ስደተኛታት'ውን ክኸፍልዎ ይኽእሉ ኢዮም። እንተኾነ ግን ኣብዚ ቀረባ ግዜ ነቶም ስደተኛታት ናብ ካልእ መዓስከር ንምስግጋሮም ዝግበር ዘሎ ወረታት ምንፋስን እንዳገደደ ዝኸይድ ዘሎ ጸቕጥን ብደንቢ ዝተዳለዉ ማስርሕ ኮይኑ ኣሎ። ዋላ'ኳ እቶም ስደተኛታት ካብ ሓደ ጉጅለ ናብ ካልእ ከም መሸጣ የመሓላልፍዎም ከምዝለዎ እንተኣፍለጡ፣ እዚ ኩሉ ማስርሕ ምትሕልላፍ ግን ብሓንቲ ሞርበብ ምትሕልላፍ ይካየድ ዘሎ ኢዩ ዚማስል።

### 154 ምንጻል ጥንስታት ኣብዚ ዓመት እዚ ጥራይ፣

ኣብቲ ካልኣይ መዓስከር ስደተኛታት ኩሉ ነገር ተለዊጡ ኢዩ። ኣእጋር ናይ'ቶም ደቂ ተባዕትዮ ብሓንሳብ ብመቑሕ፣ ካብ 3-5 ሰባት ብጕጅለ ብሓንሳብ ተኣሲሮም ዳርጋ ይወዕሉ። በዚ ኣገባብ እዚ ድማ ካብ 4-5 ዕጠቓት ሓለዋ ክሳብ 100 ሰባት ይሕልው። ኣብዚ ደረጃ እዚ እቲ ጠለብ ናይ ገንዘብ ካብ 7,000 - 10,000 ዶላር ክብ ይብል፣ ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ እቲ መግረፍቲ ይጅምር። ንደቂ ኣንስትዮ ብዙሕ ግዜ ዓይነን ሸፊኖም ናብ ርሑቕ ጽላል ዘለዎ ቦታ ብምውሳድ ብተደጋጋሚ ጾታዊ ዓመጽ የወርዱለን።ኣብዚ ድማ ንነዊሕ ሰዓታት የጽንሕወን፣ ዋላ'ወን ንመዓልታት ይሕዝወንን፣ ብካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ከተርቲ ድማ ዓመጽ ይወርደን። ገሊኡ ግዜ ንነፍሲ ወከፈን ለይቲ ለይቲ ይወስድወን። ሳሕቲ እተን ደቂ ኣንስትዮ ነቶም ከተርቲ ከም መዛዙቶም/የዕርኹቶም ኮይነን ይዋሃባ። እቶም ደቂ ተባዕትዮ ድማ ለይታዊ ነቲ ናተን ኣውያት ከምዝሰምዑ ይምስክሩ።

"ለ" ናብ ቤት ማእሰርቲ ሳሃሮኒም ቅድሚ ቁሩብ መዓልታት መጺአ። ንሳ ብዛዕባ እቶም ምሸት ምሸት ምሳቶም ጽብቐ ግዜ ንምሕላፍ፣ ደቂ ኣንስትዮ ንምምራጽ ዝመጹወን ኮንትሮባንዲስት ሓለዋታት ኢያ ትዛረብ። ንሳ ድሕሪ ንሓደ ካብኣቶም ምቅዋማ፣ መዛዙታ ብዶብ እንዳጾለቓ ከለዋ፣ ንዓኣ ግን ኣብቲ መዓስከር ገዲፉ፣ ን14 መዓልቲ ኣብ ሓደ ማንም ዘብሉ ህንጻ ዓጽዩ መዓልታዊ ይዕምጻ ኔሩ። ድሕሪኡ ግን ካልኣት ሓደስቲ ደቂ-ኣንስትዮ ምስመጻኣ፣ ምስኣተን ከምዝኸይድ ጌሩ። ኣብ ኩሉ ዓይነት ስራሓት ኢዩ ኣዋፊሩኒ ትብል "ለ"።

የእዳዎም ኣብ ሜሬት ከንብርዎ ሓቢሮሞም ምቕጥቃጥ ንኸጥዕሞም። ሓቅታት ዝሓዘለ ብዛዕባ "ናይ ምግራፍ ልምዲታት" ሓዲሽ ሪፖርት ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብዚ ሰሙን'ውን ወከልቲ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ወዱብ ሕቡራት፣ ኣብ ገለ ኣብቶም ዐቕባ ዝሓተቱ ስደተኛታት ኣዚዩ ዓሚቕ በሰላን ኣብ ሕቖምን፣ ፈጺሙ ዘይሓወየ ቁስሊን ተዓዚቦም ኣለው። ገለ ካብቶም ኣብቲ መዓስከር ተኣሲሮም ዘለዉ ስደተኛታት ብኣዝዩ ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ተግባራት ይሳቐዩ ኣለው። ገለ ካብኡ፣ ኣብ ሰወነቶም ሽንቲ ማይ ብምሻን፣ ወይ ድማ ክሰትይዎ ምግዳድን ኢዩ። ንሳቶም ኣብ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ቦታ ተገቲኦም ይርከቡ፣ ቀንዲ ድማ ኣብቲ ጫፍ ናይ ሞት ምንጥልጣል ኢዩ። ሓደ ናይ ኣጻብዕ ምቑራጽ ጉዳይ'ውን ኣጋጢሙ ኔሩ። ካልእ እቲ ግዳይ ነቲ ዝተባህሎ ገንዘብ ክኸፍሎ ከምዘይክእል ንጹር እንድሕር ኮይኑ፣ ናይ ቅትለት ስጉምቲ ይወስዱ ኢዮም።

ብተደጋጋሚ ናይ ምቕጥቃጥ መርስሕ ዝካየደሉ ግዜ እቶም ከተርቲ ነቶም ስደተኛታት ብናይ ሳተላይት ቴሌፎን ምስ ኣዝማዱም ኣብ ዘራኽብሉ ግዜ ኢዩ። እዚ ድማ እቶም ቤተሰቦም ነቲ ገንዘብ ብቕልጡፍ ክሰድሉም ከምዝሓይሽ ንኽሕብርዎምን ንጹር ንምግባርን ኢዩ። እዚ ማስርሕ እዚ ድማ ብቐጻሊ ኢዮም ዝጥቀሙሉ፣ እቶም ሰባት'ውን ዋላ ኣብ ከቢድ ኩነታት እንተሃለዉ ካብ ዝምጻእ ኣምጺኦም ነቶም ሰባት ይሰድሉም። ከምቲ ኣቐዲምና ናይ "ሀ" ጉዳይ ዝተኸታተልናዮ ማለት ኢዩ። እቲ ገንዘብ ካብ ኤርትራ ብዝቐልጠፈ ናብቲ ዝፈልጥዎ ሰብ (contact person) ብኤሌክትሮኒካዊ ምትሕልላፍ ናብ ተል-ኣቪቭ ይስደድ፣ ብማዲ እተን ሃገራት ኣብቲ ማስሚራት ጉዕዞኦም ዘለዋ፣ ገሊኡ ግዜ ድማ ኣብ ናይ ባንክ ሕሳቦም ከም ተቐማጢ ኮይኑ ይመሓላለፈሎም።

እቶም ኣብቲ ኣሰቃቒ መዓስከር ዝርከቡ ስደተኛታት ገሊኡ ግዜ ንንወሕ ዝበለ መዓልታት ብዘይ መግቢን ማይን፣ ኣብቲ ምወቐ ኮንተይነር ተዓጺዮም ይሓልፍዎ። ገለ ገለ ደቂ ተባዕትዮ ነቲ ዝእወድዎ ገንዘብ ንምኽፋል፣ ኣብ ናይ ህንጻ ወይ ጽሬት ስራሕ ስለዝዋፈሩ፣ ኣብቲ ናይ'ቶም ከተርቲ/ኮንትሮባንዲስት ማሕበረሰብ ዓቢ ኢኮኖሚያዊ ለወጢ የምጽኡ። ሓደስቲ ሞዴል መካይን (SUV), ናይ ኢንተርነት መስመር ዘለወን ላፕቶፓት፣ ኣገልግሎት GPS፣ ቪላታትን ኣብቲ ምድረበዳ ይወጋኑ። ኣብዚ ሰሙን እዚ ናብ ሳሃሮኒም ካብ ዝመጹ ሓደስቲ ስደተኛታት፣ ን5-6 ኣዋርሕ ዝኸወን ኣብ ግዱድ ጉልበታዊ ስራሕ ኣብቲ መዓስከር ተዋፊሮም ከምዝነበሩ ሓቢሮም።

ካብቶም ኣብ እስራኤል ኣቲዮም ንኣህጉራዊ ፕረስ ቃሎም ዝሃቡ ስደተኛታት፣ ዝሓለፈ 18 ነሓሰ ሓደ ካብ እቶም ኣብቲ ማእከር ተኣሲሮም ዝነበሩ ስደተኛታት፣ ካብ ሓደ ካብኣቶም ዋርዲያታት ጠበንጃ ብምምንዛዕ ናዕቢ ኣለዓዒሉም ኔሮም። ድሕሪ እቲ ዝተወለዐ ሓዊ፣ እቶም ከተርቲ ነቲ ኩነታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ከእቲዎ ክኢሎም። ኣብዚ ኣጋጣሚ እዚ ድማ ኣርባዕተ ኤርትራውያን ክቐተሉ ክኢሎም ኣለው። እቶም ካብዚ ኩነት እዚ ዝደሓኑ እሞ ናብ እስራኤል ክመጹ ዝጀመሩ ከምዝሓበርዎ፣ ድሕሪ እቲ ዝተላዓለ ናዕቢ፣ ብዝያዳ የሳቕይዎም ከምዝነበሩ ገሊጾም ኢዮም። ሓንቲ ማእሰይ ጓል ኣንስተይቲ፣ ኣቦኣ ገንዘብ ክሰደላ ስለዝኸኣለ ጉዕዞኣ ንኽትቅጽል ነጻ ሰዲዶማ። ኣብታ ሻዓ ማዓልቲ እቲኣ ድማ ብግብጻውያን ወተሃደራት ኣብቲ ዶብ ዝርከብ ክትቅተል ክኢላ፣ ሬሳኣ'ውን ኣይተረኸበን።

ብዙሓት ካብቶም ተቐመጥቲ ናይ'ቲ ማዓስከር ስደተኛታት ድሕሪ እቲ ገንዘብ ምምጻኦም፣ ናብቲ ናይ እስራኤል ዶብ የብጽሕዎም። ገለ ወሑዳት ካብኣቶም ድማ ድሕሪ ሓያለ ኣዋርሕ ይፍንወዎም። እዚኣተን ቀንዲ ደቂ-ኣንስትዮ ኮይነን፣ እቶም ከተርቲ ከም ናይ ጾታዊ ዓመጽ ባርያታት ጌሮም ንኽሕዝወን ዝወሰንሉ ኢዩ።

ገለ ካብዚ ድማ ጓል 25 ዓመት "ሐ" ምስ ካልኣት ብዙሓት ምስኣ ዝተወስዳ ደቂ-ኣንስትዮ ምሸት-ምሸት ካብቲ ቦታ ወጻኢ ናብ ጽላል ዘለዎ ቦታ ብምውሳድ፣ ብሰለተ ካብቶም ከተርቲ ንወርሒ ምሉእ ተዓሚጸን። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ሓደ ካብቶም ኣጥቃዕቲ ን"ሐ" ወዲ 50 ዓመት ይኸውን ናብ ሓደ ኣዝዩ ርሑቕን ዝተነጸለን ገዛ ወሲዱ ንሰለስተ ወርሒ ኣብኡ ንበይና ብምፅጻው መዓልታዊ ምሸት ምሸት እንዳመጸ ይዕምጻ ኔሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ዳርጋ ዋላሓደ መግቢ ኣይረኸበትን፣ ዋላ'ውን ነብሳ ክትሕጽብ ኣይከኣለትን። ኣብ መወዳእታ ግን ብዘይ ዝኾነ መግለጺ ናብቲ ማዓስከር ማሊሱ፣ ምስቶም ጉጅለ ዶብ ክሰግሩ ተቐሪቦም ዝነበሩ ጸንቢሩዋ።

ካብቲ ናይ እስራኤል ቤት ማእሰርቲ ድማ ብሓገዝ ጠበቓ ሲጋሊት-ዞሃር፣ ካብ ክፍሊ ሕጋዊ ረድኤት ናይ ሚኒስትሪ ፍትሒ ናብቲ መቕበሊ ግዳይ ናይ ደቂ ሰባት ነገድቲ (ከተርቲ) ተሰጋጊራ።

ጓል 19½ ዓመት "መ" ካብ "ሳሃሮኒም ቤት ማእሰርቲ" ናብቲ ክሊኒክ ናይ "ሓኻይም ንማሰል ደቂ-ሰባት" (Physicians for Human Rights, PHR-Israel) ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን ድማ ኣብ ዝሰጎመ ጥንሲ ኔራ። ንሳ'ውን ከምተን ካልኣት ብጾታ ኣብቲ ምድረበዳ ብቶም በደዊን ከተርቲ ተዓሚጻ ኢያ። ናብቲ ክሊኒክ ጥንሲ ክትንጽል ኢያ መጺኣ። ብቁሩብ ቃላት ንሳ፣ ንብዓመጽ ዝመጸ ቆልዓ ክትወልድ ከምዘይትደሊ ኣፍሊጣ። ኣብ እስራኤል ሽዱሽተ ወርሒ ዝገበረ ጥንሲ ክትንጽል ዘይሕጋዊ ምኳኑ እኳ እንተተሓበረት፣ ንሳ ግን ፈጺሙ ከምዘይወለድ ኣነጺራቶ ኢያ። ከምዚ እንድሕር ኮይኑ'ውን ንዐ ከተጥፍእ ነፍሰ-ቅትለት ከምትፍጽም ሓቢራ። ሓኻይም ስነ-ኣእምሮ ከምዝሓበርዎ፣ እዛ ጓል ኣንስተይቲ እዚኣ ንኽትወልድን ቆልዓ ኽተዕብን ድልውቲ/ብቑዕቲ ከምዘይኮንት ምስኣረጋገጹ እቲ ጥንሲ ክንጽሉላ ክኢሎም። ብድሕሪኡ ስዒቡ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ፈጺማ ኣይተቐልቀለትን።

ካብ መጀመርያ 2010 ጀሚሩ፣ "ሓኻይም ንማሰል ደቂ-ሰባት" (Physicians for Human Rights, PHR-Israel) ፣ 154 ምንጻል ጥንስታት ኣብ ክሊኒኩ ከምዝካየደ ጸብጻቦም ይሕብር። ዳርጋ ፍርቂ ካብዚኣተን በቶም በደዊን ከተርቲ/ነገድቲ ናይ ደቂ-ሰባት ከምዝተዓመጻ ኣፍርሊጠን። ዝሓለፈ ዓመት፣ 163 ጥንሲ ተነጺሉ። እዚ ድማ ምስቲ ተመሳሳሊ ቁጽሪ ናይ ዓመጽ ኢዩ። ዝሓለፈ ወርሒ "ሓኻይም ንማሰል ደቂ-ሰባት" (Physicians for Human Rights, PHR-Israel) ፣ ንሕመማት ፍሉይ ፎርም ቃለ-መሕትት ኣዳሊዩ። እዚ ድማ ንናይ ግዳያት ንግዲ ደቂ-ሰባት፣ ኣሰቃቒ መግረፍቲን፣ ዓመጽን ዝኾኑ ንምልላይ ዝሕግዝ ኢዩ። ካብተን ዝሓለፈ ኣዋርሕ ሕክምናዊ ክንክን ዝተገብረለን ደቂ-ኣንስትርዮ ጥራይ ልዕሊ ሜኢቲ ዝኾና ምግሳስን ጾታዊ ዓመጽን ኣብ መንገደን ኣጋጢሙወን ኢዩ። 18 ጥራይ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ከምዝሓለፈኦ ሓቢረን። ርብዒ ካብቶም ቃለ-መሕትት ዝተገብረሎም ስደተኛታት ብኣሰቃቒ

ከምዝተቐጥቀጡ ክሕብሩ ከለው፣ ምስቶም ኣብ መንገዶም ክቕጥቀጡ ክቕተሉን ዝራኣዮዎም ቁጽሪ ሰባት ሜሃረ ይገብሮ። ልዕሊ ፍርቂ መግብን ማይን ከምዝሓረምዎም ገሊጾም። እቲ ቃለ ምስክርነቶም ሰጋእ-መጋእ ዘብሉምን ዘይምሉእን ኢዩ። ዝበዝሑ ስቕ ክብሉ ኢዮም ዝመርጹ።

ኣብዚ ሰሙን እዚ ሰሉስ ድሕሪ ቀትሪ ዓዚዛ ኪዳን፣ ኤርትራዊት ፈላሲትን ነርስን ኣብ "ሓኻይም ንመሰል ደቂ-ሰባት" (Physicians for Human Rights, PHR-Israel) ቃለ መሕትት ኣካይዳትለም ኔራ። ሓደ ሰሞዋዊ ሃሳስ ሜሊያ ዝተኸደነ መንእሰይ ከምዝገለጾ፣ እቶም ከተርቲ በቶም ቀዳሞት ጉጅለ ገንዘብ ብዘይምኽፋሉም ሓሪቕም ስለዝነበሩ፣ ንዕኡ ኣእዳዉ ከምዝቐጥቀጥዎ ሓቢሩ። ንዕኡን የዕርኽቱን ድማ ናብቲ ኮንተይነር ጨፍሊቖም የእቲዮሞም። 20 ካብ መዳዕዝቱ ግን ኣብ ሲናይ ከይበጽሑ ከለዉ ሞይቶም። ንሱ ጠሚዩን ፈሪሑን ነበረ። ንሱ ገንዘብ ከፊለ ኢየ፣ ስለዚ ድማ ሓንሳብ ጥራይ ቀጥቂጦሚ ይብል።

ቀጺሉ ዕብይ ዝበለ ሰብኣይ ኣትዩ። መሉእ ነብሱ ተቛሲሉ ኢዩ። ን10 መዓልቲ ምስ ካልኦት ሰለስተ ሰባት ብሓጺናዊ ሰንሰለት ጌሮም ብሓንሳብ ኣስሮምና ኢሉ ንነርስ ዓዚዛ ሓቢሪዋ። ከም እንስሳ ኢዮም ዝሕዙና ነሮም፣ እንዳቐጥቀጡዎምን እንዳቃጸሉዎምን ከለዉ ምስ ቤተሰቦም ቴሌፎም ክዛረቡ የገድድዎም ምኽንያቱ ነቲ ናቶም ኣወያት ንኺሰምዑዎ። ኣነ ግን ኣጽቂጠ፣ ስለዚ ብበትሪ ጥራይ ይቕጥቅጡኒ ኔሮም ይብል (እቲ ዘለዎ በሰላታት ኣብ ኣእጋሩ እንዳርኣየ)። ንደቂ-ኣንስትዮ ኣርባዕቲ ግዜ ንደገ ክወስድወን ይርኢ ኔረ። ከምዝመስለኒ ጾታዊ ዓመጽ የጋጥመን ኔሩ ንሳተን ግን ክዛረባሉ ኣይደልያን ኢየን።

ሓደ ነዊሕ ቆቢዕ ዘለዎ ጃኬት ዝለበሰ መንእሰይ ድማ፣ እቶም ናይ ራሻይዳ በድዊን ነቶም ናቱ ጉጅለ ኣብቲ ምድረበዳ ብዘይ መግብን ማይን ንሰለስተ ሰሙን ራሕሪሖሞም። ኣብቲ መጀመርያ ሰለስተ ሞይቶም፣ ኣብ ስዒቡ ዝቐጸለ መዓልታት ድማ 15 ሰባት ጠፊኦም፣ እቶም ዝተረፉ ድማ ናብ ዝተፈላለየ መንገዲታት ኣምሪሖም። ካብቶም ቀንዲ 60 ሰባት፣ ሸወዓተ ጥራይ ናብቲ ዶብ ክበጽሑ ክኢሎም ከለው፣ ሓደ ካብኣቶም ድማ ብውተሃደራት ግብጺ ብዝተኮስዎ፣ ናብ ሞት በጺሑ ከምዝነበረ ሓቢሩ። ንሱ ይብል፣ ዳርጋ ሞይተ ኢየ ኔረ። የዒንቱ ጎደጊደን ኢየን። ንሱ ህጹጽ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ የድሊዩ ክትብል ሲስተር ዓዚዛ ገሊጻ። ዝበዝሕ ግዜ እቲ ዝብልዎ ኩሉ ኣዚዩ ስለዝኸብዳን፣ ንኽትኣምኖ ስለዘሸግራን፣ ገጻ ብኢዳ ኢያ ትሸፍኖ። ካብቶም ሽዑ መዓልቲ ቃለ-መሕትት ዝገበረትሎም ልዕሊ 10 ሰባት ኩሉ ዘጋጠሞም ኣሰቃቒ ነገርን መግረፍቲን ክዕልልዋ ከለው፣ ሓደ ሱዳናዊ መንእሰይ ጥራይ ኢዩ ፍሽኽ ክብል ክኢሉ።

ድሕሪ እቲ ወርሒ ምሉእ ዝተገብረ ቃለ መሕትት፣ ኣብ ሲናይ ዘሎ ኩነታት ደቂ ሰባት ኣብ ኣዝዩ ሕማቕን ከቢድ ኩነታት በጺሑ ከምዝሎ ግሁድ ኮይኑ ኣሎ ይብል ራን-ኮሄን፣ ሓላፊ ክፍሊ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ኣብ "ሓኻይም ንመሰል ደቂ-ሰባት" (Physicians for Human Rights, PHR-Israel)። ዓመጽ ሓደ መዳይ ኮይኑ፣ ምግሳስ፣ ማጡኡ ዝሓለፈ ጎነጽ፣ ኣብ ልዕሊ እቶም ሓተትቲ ዑቕባ ሜእሰርቲ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ንሰሞናት ዋላ'ውን ንኣዋርሕ ዝቐጽልን ኢዩ ይብል። እዚ ጉዳይ እዚ ብሜልክዕ ኣህጉራዊ ደረጃ ከነልዕሎ ሜዲብና ኣለና። ብኡ ማጠን ድማ ኣህጉራዊ ምትእትታው ኣብ ሲናይ ክንጠልብ ኢና። ከምተወሳኺ'ውን

እስራኤል ነቶም ኤርትራውያን ከም ስደተኛታት ተቐቢላ ኣፍልጦ ክትገብረሎም፣ ኣብ ማእከል ዓለም ፍሉጣት ብምዃኖም ኢዩ።